# ፍልሰታ ለማርያም 2018 ዓ.ም.

## ነሓሰ 16 2018 ዓ. ም. (8/22/2026)




ንባባት፡ 1ቆሮ 15፡20-27፥ ራእ 11፡19-12፡1-6፥ ግ.ሓ. 1፡12-15፥ ሉቃ 1፡39-56

ምስባክ፡ 1. ወትቀውም ንግስት በየማኒከ፥በአልባሰ ወርቅ ዑጽፍት ወሑብርት፥ ስምዒ ወለትየ ወርኢ ወአጽምዒ እዝንኪ። ንግስቲ ብወርቂ ተሰሊማ አብ የማንካ ትቐውም፥ ጓለይ ናብቲ ዝብለኪ ስምዒ ርአዪውን እዝንኺ ኸአ ጽለዊ መዝ. 45፡9-10።

2. ቀደሰ ማኅደሮ ልዑል፥ እግዚአብሔር ውስተ ማእከላ ኢትትሓወክ፥ ወይረድአ እግዚአብሔር ፍጽመ። (መዝ. 45፡4 5)

ብዓለ ፍልሰታ ግብሪ አምላኽን መልሲ ማርያም ዘፍረዮ ዝተራእዮ ፍጻሜ እዩ።

1. ፍሉይ ቦታ አብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ዘለዎ ብዓለ ፍልሰታ ለማርያም ነብዕል አሎና። እዚ ፍሉይ ቦታ ዝግለጸ መጀመርያ አደ ኢየሱስ ክትከውን ብምምራጻ እታ እንኮ ሰብአዊት ወላዲቱ፥ እዚ ንማንም አብዚ ዓለም ዝነብር ዘይተዋህበ ንኣኣ ጥራሕ ዝተዋህበ ካብ ኩሎም ፍጥረት ፍልይቲ ይገብራ።

ብዛዕባ ትንሣኤ ክርስቶስ ክንርኢ ከሎና አብ ትርጉም ናይ እቲ ብዓል ብዛዕባ እንታይ ምኳኑ ንርኢ እምበር አብቲ ርድኢትና አብ ቃል ንቃል ትርጉም አይነተኩርን። አብ ፍልሰታ ማርያም ከአ ከመይን ምአስን እናበልና አይንሓስብን አብቲ ቀንዲ ምስጢሩን ዝህበና ጥቕሚ አብ ሕይወትን ጥራሕ ነተኩር። አብ ማርያም ድሕሪ ሞታ ቀልጢፉ ብሥግአን ብነፍሳን ንሰማይ ፈሊሳ ኢልና ክንዛረብ ከሎና ከም ሰብ ክንርድኦ ወይ ክንቅበሎ ቀሊል አይኮነን። ብሥግአን ብነፍሳን ንሰማይ ፈሊሳ አብቲ ወላዲት ምኳናን አብቲ ሕራይ ብምባል አብ ኩሉ ደረጃ ዕድሚአ ዘርአየቶ እሽታ ካብ ኩሎም ደቂ ሰብ ምስ ክርስቶስ ምሉእ ሓድነት እንከለዎም ዝሞቱ ቀዳምነት አብ ክብሪ አምላኽ ከም እትረክብ ይገብራ።

ንሳ ብርግጽ ሰብ እያ ካብ ወዳ ኩሉ ጊዜ ዝተሓተት ንአና ዝቐረበት ፍጥረት እያ። ምሳና ግን እናመርሓትና አብ ቅድሚ ቅ. ስላሴ አብ ክብሪ አምላኽ ደው ተብለና። ወላ አብ ግርማ ክብሪ እንከላ እውን ብዝኾነ መገዲ ንስላሴ ዝግባእ አምልኾ አይውሃባን እዩ። ንሳ እትገብሮ አብ ዘድልየና ጊዜ፥ ብሰብአዊ ጸሎታ ምእንታና ምልማን እዩ። እዚ እዩ ብዙሓት ዘይካቶሊካውያን እቲ ሓቂ ብዘይ ምርዳእ ከምኡ ብዙሓት ካቶሊካውያን እውን ግጉይ አገባብ ብምኽታል ነቲ ሓቀኛ እምነት ዘይነቱ ዘልብስዎ።

አብ ሓ/ት/ክ ተራ ማርያም ብጽቡቅ ተገሊጹ ንረኽቦ፡ ንፍቓድ እግዚአብሔር አቦ ብምልአት ፈጺማ፥ አብ ናይ ወዳ ስራሕ ድኅነት ሠሚራ፥ ንኹሉ ናይ መንፈስ ቅዱስ ሕሹኽታ ብምቕባል ድንግል ማርያም ንቤተ ክርስትያን ናይ እምነትን አፍቅሮትን አብነት እያ። ምእንትዚ ክአ ንሳ አዝያ ልዕልትን ብኩልንታኣ ፍልይትን ዝኾነት አባል ቤተክርስትያን እያ፥ ብሓቂውን ንሳ ናይ ቤተክርስትያን ፍጽምቲ አምሳል ኮነት (ቀኖ 967)።

ማርያም ኩሉ ጊዜ አብ አገልግሎት እያ እትርከብ።

2. ናይ ሎሚ ወንጌል ብዛዕባ ማርያም ነታ ብዕድመ ደፊአ ዝነበረት ዘመዳ ኤልሳቤጥ ከም ዝበጽሓታ እሞ ክልቲአን ነፈሰ ጾራት ከም ዝነበራ ዝገልጽ እዩ። አብዚ ኩሉ እቲ ብዛዕባ ማርያም ቤተ ክርስትያን እትብሎ ዳርጋ ዝሓዘ እዩ።

መጀመርያ ማርያም ካብ ናዝሬት ናብ ቤት ዝካርያስ ካብ ኢየሩሳሌም ርሑቕ ዘይኮነ ንኤልሳቤጥ ዘመዳ ነፍሰ ጾር ንዮውሃንስ መጥምቕ ዝነበረት ክትበጽሕ ከም ዝኸደት ነንብብ። ማርያም አብ እንዳ ዘካርያስ ክትከይድ እንከላ ኢየሱስ አብ ከርሳ ምስአ ነሩ፥ ስለዚ ማርያምን ኢየሱስን እዮም ንኤልሳቤጥን ዮሓንስን ዝበጽሕዎም ዘለዉ። አብዚ እንርእዮ ኢየሱስ ከገልግል ጌና አብ ማህጸን አዲኡ እንከሎ እዩ ጀሚርዎ። ከምኡ ማርያም ነዚ ትካፈሎ። ኢየሱስን ማርያምን ምስ መጹ እቲ ሕፃን አብ ከርሲ አዲኡ ብተሓጓስ ተሰራሲሩ።

ኤልሳቤጥ ብመንፈስ ቅዱስ መሊእዋ ብተሓጓስ ክተመስግን ጀሚራ፥ ናይ ማርያምን ወዳን ዕብየት ቀልጢፉ ተረዲአቶ። ንስኺ ካብ አንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ እቲ ኻባኺ ዝውለድ ሕፃን እውን ዝተባረኸ እዩ (ሉቃ 1፡42)። ብርግጽ ማርያም ካብ ኩሉ ፍልይቲ ዝገብራ አደ መድኃኒናን ንጉሥና ክትከውን ብምምራጻ እዩ። ኤልሳቤጥ ኢየሱስን ማርያም ምስ መጽእዋ ብመንፈስ ተላዒላ ከምኡ ዮሓንስ ወዳ አብ ከርሳ እንከሎ ብመንፈስ ቅዱስ ብሓጎስ ተሰራሲሩ። ኤልሳቤጥ ሓጎስን መንፈስ ቅዱስ መሊእዋ አደ ጎይታ ናባይ ክትመጺኸ እዚ ኻበይ ኮነለይ እናበለት ምስጋና ዝመልአ ቃል ተዛሪባ። ነፍሲ ወከፍና አብዚ እዋን አብዚ አብ ቅዳሴ እንከሎና ዝኸውን ነገር እዩ፥ ቃል አምላኽ ብምስማዕን አብ መአዲ ቅ. ቍርባን ክንካፈል እንከሎና ምሳና አሎ፥ አብ መንጎና ይርከብ አሎ ስለዚ ክንሕጎስን ክነመስግንን ይግብአና።

ኤልሳቤጥ ፍሉይ ቃለ ምስጋና ንማርያም አስሚዓ፥ እቲ ካብ እግዚአብሔር ዝተነግረኪ ቃል ከም ዝፍጸም ስለ ዝአመንኪ ብፅዕቲ ኢኺ ኢላታ። እዚ አብቲ ካልአይ ናይ ማርያም እንታይነት ዝገልጽ የምጽአና። እምነታና ምሉእ ነገራ አብ አምላኽ ምግባራ እዩ። እዚ አብቲ ዘዕረገቶ ጸሎተ ምስጋና ይርአ። እቲ ዝተባህላ ወላ እኳ ብምልኡ አይትረድኦ እምበር ብዘይ ቅድመ ኩነት ብምሉእ ንመደብ አምላኽ ክትቅበል ምኳና ገሊጻ። ከም ዝበልካኒ ይኹነለይ በለት።

ጸሎተ ምስጋና ማርያም አብነት ንኹልና እዩ።

3. ድሕሪ እዚ ኩሉ ታራ ማርያም እዩ ዝግለጽ ንአምላኽ ምምስጋን። አብቲ ጸሎተ ምስጋና ማርያም ኢልና እንጽውዖ ቤተ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ አብ ናይ ምሸት ጸሎት ቅድሚ ውዳሴ ማርያም ናይ ዕለቱ ንደግሞ። አብዚ ጸሎተ ምስጋና ንማርያም አብ ቅድሚ አምላኽ ልዕል ዘብላ ብዙሕ ነገራት ንረክብ። ውርደት ባርያኡ ርእዩ እዩ ማርያም ትሕቲ ዘይተመርዓወት ጓል አብ ሓንቲ ብዙሕ ዘይትፍለጥ ዓዲ ካብቲ ሮማውያን ዝገዝእዎ ውጽእ ኢላ እትርከብ እያ ትነብር ነራ። ካብ ናዝሬትዶ ገለ ሠናይ ኪርከብ ይክእል እዩ ናትናአል ንኢየሱስ አብ ናዝሬት ከም ዝረኸብዎ ምስ ነገርዎ ዝበሎ። አብ ሓዲስ ኪዳን እቲ ዘደንቕን ድንቂ ነገራት አብቶም ትሑታትን ዘይዓበይቲ ነገራትን እዩ ራእይ አምላኽ ዝርአዮም። ዕብየት ማርያም ካብቲ አብ ቅድሚ ሰባት ካብ ዘለዋ ደረጃ አይ ኮነን ዝመጽእ፥ እዚ አብ ቅድሚ አምላኽ ሓንቲ ጥቕሚ የብሉን። እቶም አብ ዝተሓተ ደረጃ ዝርከብ አብ ናይ እዚ ዓለም ነገራት ቀዳምነት ዘይህቡ አብኡ እዩ ናይ አምላኽ ነገር ዝርአ። ካብ ሕጂ ንድሓር ኩሎም ወለዶ ብፅዕቲ ኺብሉኒ እዮም። እዚ ንትዕቢት አይ ኮነን ተባሂሉ እኳ ድአ አብ ትሕትና ዝተመስረተ ምስጋና እዩ፥ ብርግጽ ከአ ካብታ ዝተባህለታ ዕለት ንድሓር ብዕሊ ጀሚሩ። ብርግጽ ዝዓበየን ዝበለጸን ጸጋ እዩ አደ መድኃኔ ዓለም ክትከውን ከላ። ስለምንታይ ማርያም ተመሪጻ ኢልና ክንሓትት ንኽእል ኢና ማርያም ንርእሳ ነዚ ቀዳመይቲ እትሕቶ እዩ ስለምንታይ አነ? አምላኽ ስለ ዝደለዮ ጥራሕ እዩ እምበር ብግብራ ወይ እውን ብወለዳ ምኽንያት ዝተዋህባ አይኮነን። ዝኾነ ይኹን ማርያም ወላ እውን መልሱ አይትፍለጥ ነገር አምላኽ ስለ ዝኾነ በቲ ዝተገብረላ ዕብየትን ዝተባህላን ተሓጒሳን አመስጊናን።

ካልእ ናይ ማርያም ሕርየት ዝገልጾ ናይ ኣምላኽ ድለት ኣብ ልዕሊ ድኻታት፥ ድኹማት፥ ትሑታት ኣብ ሕብረተ ሰብ፥ ግፉዓትን ማዕረ ዘይርአዩን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝበለጹ ተቐበልቲ ፍቕሪን ሓልዮትን ምዃኖም ይገልጽ። ማርያም ነዚ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ጸሎተ ምስጋንኣ ትገልጾ፥ ብቕልጽሙ ኃይሊ ገበረ፥ ንዕቡያት ሓሳባት ልቦም በተነሎም፥ንኃያላት ካብ ዝፋናቶም ኣውረዶም፥ ንዝተዋረዱ ኸኣ ልዕል ኣበሎም፥ ንጥሙያት ብበረኸት ኣጽገቦም፥ ንሃብታማት ጥራይ ኢዶም ሰደዶም።

እቶም ሃብታማትን ሓያላትን ኣብ ጊዜ ማርያም ዝነበሩ ሕጂ ኣበለዉ? ብዓልመን እዮምከ? መብዝሕትኡ ጊዜ ካብ ተዘክሮ ጠፊኦም እዮም እታ ንእሽቶይ ጓል ናዝሬት ግን ጌና ኣብ ምሉእ ዓለም ብኽብሪ ትዝከርን ትኸብርን ኣላ።

ዕብየት ማርያም ዝግለጽ ኣብቲ ዝሃበቶ መልሲ እዩ።

4. ዕብየት ማርያም ኣብቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝወረደ ጸጋን ክብርን ጥራሕ ደው ኣይ በለን። እዚ ልዕሊ ኩሉ ዝተዋህባ ህያባት እዩ ንሳ ተቐባሊት እምበር ንኽትረኽቦ ኢላ ዝገበረቶ የብላን። ሓደ እዋን ኣብ ወንጌል ከም እንረኽቦ ሓንቲ ሰበይቲ ኣብ መንጎ እቲ ህዝቢ ኮይና ነቲ ኩሉ ኢየሱስ ዝገብሮን ዝብሎም ምስ ሰምዐትን ርእየትን እታ ንኣኻ ዝጾረት ማኅጸንን ዘጥበዋኻ ኣጥባትን ብጹኣት እየን ኢላቶ። ኢየሱስ ትቕብል ኣቢሉ ብጹኣንስ እቶም ቃል ኣምላኽ ሰሚዖም ዝፍጽምዎ እዮም ኢልዋ። ብኻልእ ኣዘራርባ እግዚኣብሔር ዝሃበና ጸጋ ኣይኮነን ዓበይቲ ዝገብረና ኣገባብ ኣቀባብላናን ኣብ ግብሪ ክነውዕሎም እንከሎናን እዩ ዓበይቲ ዝገብረና። ኣብ ቋንቋና ሎሚ እውን ንብሎ ኢና ንኣኻ ዝጾረት ማኅጸን ክንደይ ክብርቲ እያ . . . . እናበልና ኣድናቆት ወላዲት በቲ ኣብ ውሉዳ ዝርአ ግብሪ ነድንቓ። ኣብዚ ንማርያምን ንዮሴፍን ክንርኢ ከሎና ኣብ ምድራዊ ሕይወት ኢየሱስ ዝዓበየ ጽልዋ ነርዎም።

ዕብየት ማርያም ኣደ ኢየሱስ ክትከውን ብምምራጻ ኣይኮነ ንእንታይ ድኣ እቲ ምሉእ ብምሉእ ብእምነትን ብምሉእ ሓላፍነትን ነቲ ዝተባህላ ዘስዕቦ ብዘየገድስ ከምዘሎ ብምቕባላ እዩ። ብርግጽ ኣደ ኢየሱስ ብምዃና እትረኽቦ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ወላ ሓንቲ ኣፍልጦ ኣይነበራን። ከምወዳ ንርእሳ ንምሉእ ኣገልግሎት ወዳ ፍቓደኛ ኮይና፥ ሎሚ ነቲ ዝገበረቶ ካብ ኩሎም ደቂ ሰብ ኣብ ዝለዓለ ቦታ ተቐሚጣ ኣብ ሰማይ ዓስባ ናይ ዝተቐበለትሉ ዘኪርና ነብዕል ኣሎና። እዚ ኣብታ ቀዳመይቲ ንባብና መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቀሮንጦስ ብተዘዋዋሪ መገዲ ተገሊጹ ንረኽቦ። ጳውሎስ ብዛዕባ ትንሣኤ ክርስቶስ ክዛረብ እንከሎ እቲ ቀንዲ ከምዝኾነ ይዛረብ። ክርስቶስ ካብ ሙታን ተንሥኤ በዚ ኸኣ ናይቶም ዝሞቱ በኹሪ ትንሣኤ ኾነ። እናበለ ናይ ክርስቶስ ትንሣኤ ምንጪ ትንሣኤና ከምዝኾነ ይነግረና። ቀጺሉ ከምዚ ይብል፥ ኸምቲ ኵላቶም ብኣዳም ዝሞቱ ከምኡ ድማ ኵላቶም ብክርስቶስ ሕያዋን ኪኾኑ እዮም፥ ግናኸ ነፍስወከፍ በብመስርዑ እዩ (1ቆሮ 15፡22)።

ኣብ ራእይ ዮውሓንስ እነንብቦ ምዛዕባ ማርያምን ቤተ ክርስትያንን እዩ ዘመልክት።

5. ኣብ ራእይ ዮውሓንስ ንሎሚ ዘንበብናዮ ከም ሓደ መግለጺ ብዛዕባ ክብሪ ማርያም ገርና ክንርእዮ ንኽእል። መጀመርያ ብዛዕባ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኣብ ሓዳስ ኢየሩሳሌም ኣብ ውሽጣ ናይ ታቦተ ኪዳን መእተውን ግልጸትን ኣብ ውሽጣ ይናገር። እታ ቀዳመይቲ ታቦት ጣውላ ብዕንጨይቲ ዝተሰርሐት ኣብ ውሽጣ ጽላት ትእዛዛት ዝሓዘት ኣብ ቅድስተ ቅዱሳት ከም ማሕላ ኣምላኽ ኪዳኑ ምስ ህዝቡ ዝሓዘት እያ። እዚኣ ኣምሳል ቤተ ክርስትያን ኣብ ሓዲስ ኪዳን ቀዋሚት ማኅደር ኣምላኽ ኣብ መንጎ ህዝቡን እያ። እዚ ነዚ ሎም እነብዕሎ ዘሎና ፍልሰታ ማርያም ከስምዕ ይክእል ምኽንያቱ ማርያም ነቲ ሓዲስ ኪዳን ዝገበረ ወሊዳቶ በዚ ምኽንያት ክንጽሊ ኮለና ኦ ጽላተ ኪዳን ንብል።

ቀጺሉ ብዛዕባ ናይ እታ ሰበይቲ ካብ ሰማይ ዝተራእየት ይገልጽ። እዛ ሰበይቲ ተባሂላ ዘላ እስራኤል ካብአ እቲ መስሕ ዝተወለደን እታ ማሕበር አብኡ ዝአመነት የስምዕ። እቲ መግለጺ ብዛዕባ እታ ሰበይቲ ብዙሕ ጊዜ ንማርያም ከምዘመልክት አብ ምስልታትን አሳእልን ንርእዮ። ፀሓይ ዝተወንዘፈት፥ ወርሒ ብእግራ ዝረገጸት፥ ዓሰርተ ክልተ ኸዋኽብቲ ከም አኽሊል አብ ርእሳ ዝደፍአት እናበለ ዝገልጽ ንማርያም የስምዕ።

እታ ሰበይቲ ክገልጻ እንከሎ ጥንስቲ ነበረት ክትሓርስ ቅልውላው ዝሓዛ እያ ነራ። እዚ ነቲ ድሕሪ ወድቀት ቀዳሞት ወለድና አዳምን ሔዋን ብዛዕባ ምውላድ ሕፃን የዘኻኽረና። እዚ ኻብአ ዝውለድ ሕፃን እቲ መስሕ እዩ ንሱ ጥራሕ መራሒ ናይ እታ ሓዳስ እስራኤል ከምዝኾነ ይነግር። እታ ዝወለደቶ በቲ ዝወረደ ስደትን ጭቆናን ትሳቐ። ከም ባህሊ እምነት ማርያም ድንግል ቅድምን ድሕርን ምውላዳ እያ እንተ ኾነ እዚ ዝተባህለ ብምልኡ ንማርያም አየስምዕን እዩ።

ቀጺሉ ብዛዕባ እቲ ነቲ ሕጻን ከጥፍእ ዝመጽእ ገበል (ድራጎን) ይዛረብ። እዚ ገበል ነቲ ሕፃን ውልድ ምስ በለ ክበልዖ ይደሊ። ከም ባህሊ አይሁድ ገበል ንሓይሊ ክፍአት ዝውክል፥ ጸረ አምላኽን ህዝቡን እዩ። እቲ ብጭርኡ ገሩ ሢሶ ከዋኽብቲ ካብ ሰማይ ስሒቡ ናብ ምድሪ ደርበየ ዝብል ነቶም ንሰይጣን ንእኡ ዝተኸተሉ አጋንንትን ድሕሪ ውድቀቶም ናብ ገሃነም ናይ ዝወረድዎ እዩ ዘስምዕ። እታ ሰበይቲ ዝኾነ ኾይኑ እቲ ሕፃን ተወሊዱ፥ ንሱ ውሉድ ስለ ዝኾነ ንኹሎም አሕዛብ ብበትሪ ሓጺን ኪጓስዮም እዩ። ንሱ እቲ ብተስፋ ዝተጸበይዎ መስሕ እዩ። ውልድ ምስ አበለቶ ሽውንሽው ናብ ሰማይ ተመንጢሉ ኸደ። እዚ ንዕርገትን ዓወትን ናይ እቲ መስሕ ድሕሪ እቲ ስዕረት ገበል ዝኾነ የስምዕ።

ድሕሪዚ እታ ሰበይቲ ናብ ምድረ በዳ ሃደምት ይብል፥ አብ ትውፊት እዚ ዘስምዖ ነቶም ብሰንኪ እምነቶም ዝስደዱ የስምዕ። እታ ሰበይቲ ድማ 1260 መዓልቲ ኪከናኸንዋ ናብቲ አምላኽ ዘዳለወላ ተወስደት፥ እዚ ምስቲ ብእዋኑ ዝነበረ ስደት እምነት የመልክት።

አብዚ ክነስተውዕሎ ዘሎና እቲ ጸሓፋይ ብቐጥታ ብዛዕባ ማርያም አይኮነን ዝዛረብ ዘሎ ንኹሉ ብቐጥታ ንማርያም ዝምልከት እዩ ክንብሎ አይንኽእልን ኢና። እንተ ኾነ ማርያም አደ ኢየሱስ እቲ ብሰውነቱ ናይ አምላኽ ህላዌ አብ መንጎና ከምዝቕጽል እትገልጽ እያ። ማርያም ሕጂ አብ መንበር ክብሪን ብኹሉ ተሸሊማን አብ ቅድሚ ወዳን አብኡን መንፈስ ቅዱስን ትርከብ አላ።

ሎሚ ምስአ ኮና ንሕጎስ አሎና። አብ ዝጸወዓና መዓልቲ ኸአ ምስአ ኮና አብ ክብራ ክንሳተፍ ንትስፎ አሎና። ሎሚ ነፍሲ ወከፍና አብዚ ምድራዊ ጉዕዞ እንከሎና ክትጽልየልና፥ አብ ኩሉ ብእምነትና ጽኑዓት ኮና ክንጉዓዝ፥ እሙናት አርድእቲ ኮና ክነብር ሓግዝና ንበላ። አብ ኩሉ ሕይወትና ንድላይ አምላኽ አለሊና ክንክእል እሞ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ንኹሉ ብአምላኽ ዝመጸና ክንቅበል ሕራይ ክንብል ሓግዝና ንበላ።

ርሑስ ብዓለ ፍልሰታ ለማርያም ናይ ሰላምን ዕርቅን ንኹልና!

አባ ንጉሠ ፍሥሓ